

# ዜና ዕረፍት
# ታሪኽ ሕይወት
# አባ መብራህቱ ተስፋጊዮርጊስ

አቦም፡ ተስፋጊዮርጊስ ማሕሙድ

አዲኦም፡ በኪታ ሓምድ

ዕለተ ልደት፡ ፲፪ ግንቦት ፲፱፻፴፱ 20/05/1947 አብ ሙሻ ተወልዱ

## ትምህርቲ፡

- 1-2 ክፍሊ 1954-55 ኣብ ሙሻ ፈለሙ
- 3-6 ክፍሊ 1956-59 ኣብ ከረን ቅ.ዮሴፍ ዘላሳል
- 7-9 ክፍሊ 1960-64 ኣብ ከረን ገዳም ዘርኣክህነት
- 10-12 ክፍሊ 1968-71 ኣብ ዘርኣክህነት ኣሥመራ
- ትምህርተ ፍልስፍና 1971-73 ኣብ ዘርኣክህነት ኣሥመራ
- ትምህርተ ተሎጊያ 1973-79 ኣብ ሮማ ቅ.ቶማስ ዩኒቨርሲቲ (BA degree)
- መዓርገ ዲቁናን ክህነትን 14-20 /4/1979 ኣብ ኪዳነ ምሕረት ብኢድ ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ
- ካብ 1979-1983 ኣብ ሮማ ብምምላስ ናይ PHD Moral theology ወድኡ።

ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ዝፈጸሙለን ዓድታት

1. ደረቓ 1983-1988
2. ሓቢንመንተል 1988-1990
3. ሽናራ 1990-1993
4. ሓቢንመንተል 1993-2000
5. ምምህርና 1998-2011 ኣብ ኣሥመራ ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ኢንስቲትዩት ኣስተምሃሩ።
6. ኣብ ኤጳርቅና
   a. ኣባል ማኅበር ብፁዕ ሰማዕታ ኣባ ገብረሚካኤል
   b. ኣባል ቤት ምኽሪ ኤጳርቅና
   c. ኣባል መንፈሳዊ ቤት ፍርዲ ኤጳርቅናታት ከረንን ባረንቱን
   d. ኣብ ምትኻም መጽሓፈ ቅዳሴ ብብሊን ኣብርክቶኦም ዘወፈዩ እያቶም።
7. ጊዜ ሓማም
   a. ካብ 2011-2013 ጽኑዕ ሕማም ብዝሓደሮም ኣብ ዓድን ወጻእን ብፍላይ ኣብ Ospedale S. Raffale del Monto Tabor ኣብ ዝበሃል ሕክምና ድሕሪ ምግባር፡ ሕማሞም ኣናበርትዖም ብዝመጽኤ፡ ብዓቢይን ሓናጽን ተጻዋርነት ካሳብ መጨረስታ ተዓገሱ።

ዳግማይ ትንሣኤ መዓልቲ ኣብ ሰኑይ ኣብ ዘውግሕ ዕለት ፲፮ ሚያዝያ ፳፻፱ / 24 April 2017 ካባቢ ሰዓት 12:30 ናይ ለይቲ ኣብ መበል 71 ዕድሜኦም ዓረፉ። "ቦኑ ለከንቱ ፈጠርኮ ለእጓለ እመሕያው፡ ወመኑ እምሰብእ ዘየሓዩ ወኢይርእያ ለሞት. . " ከምዝበለ፡ "ወነገድ ከመ ኵሉ ኣበውየ. . . " ኢሎም ንሰማይ ሓለፉ። ለኣግብርቲከ ኣልቦ ሞት፡ ኣላ ፍልሰት. . ." ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣምላኽ ኣብ ሕቁፉ ይቀበሎም እናበልና፡ ብጸሎት ነሰንዮም።

ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን